

# ትርሓስ — ኾኸብ ተፃዋቲት እግሪ ኩዕሶ


Eden Daniels

Eden Daniels

ኣንገሶም ኣባዲ፣ ጎይትኦም ከበደ


tigrinska

nivå 2



ትርሓስ ደቒ ተባዕትዮ ኩዕሶ እግሪ ክፃወቱ ሪኣ፤ ናብኣቶም ተሓዊሳ ክትፃወት ደልያ። ምስኣቶም ተሓዊሳ ክትለማመድ ትክእል እንተኾይና ድማ ነቲ ኣሰልጣኒ ሓቲታቶ።



እቲ አሰልጣኒ አእዳው አብ ሸምጡ ገይሩ። “አብዚ ቤት ትምህርቲ ፀወታ እግሪ ኩዕሶ ንደቂ ተባዕትዮ ጥራሕ እዩ ክፃወቱ ተፈቒዱ” ኢሉ መለሰላ።



እቶም ደቂ ተባዕትዮ ንዓአ መርበብ ኲዕሶ ኸይዳ ንክትፃወት ነጊሮማ። ከምዚ እውን ኢሎም መርበብ ኲዕሶ ንደቂ ኣንስትዮ እግሪ ኲዕሶ ድማ ንደቂ ተባዕትዮ እዩ ምስበልዋ ትርሓስ ሓሪቃ።



ኣብቲ ካልኣይ መዓንቲ፤ እቲ ቤት ትምህርቲ ከቢድ ውድድር ፀወታ እግሪ ኩዕሶ ነይርዎ። እቲ አሰልጣኒ አብዚ ውድድር ብጣዕሚ እዩ ሓዚኑ ነይሩ ምክንያቱ ድማ እቲ ብሉፅ ተፃወቲኡ ብምሕማሙ።



ትርሓስ ናብቲ ኣሰልጣኒ ብፍጥነት ከይዳ ንኽትፃወት ንክፈቅደላ ለሚናቶ። እቲ ኣሰልጣኒ እንታይ ከም ዝውስን ርግፀኛ ኣይነበረን። ደሓር ግን ትርሓስ ናብቲ ቡድን ተሓዊሳ ንኽትፃወት ፈቂዱላ።



እቲ ፀወታ ከቢድ ብምንባሩ ክሳብ ጊዜ ዕረፍቲ ምንም ጎል (ሸቶ) ክምዝገብ ኣይክአለን ነይሩ።



ካብ ዕረፍቲ መልሲ ሓደ ተፃዋቲ እታ ኩዕሶ ናብ ትርሓስ ኣሕሊፍ ሂብዋ። ንሳ ብፍጥትን ናብ ጎል ገፅ ብምሕላፍ ብሓይሊ ብምውቃዕ ሸቶ አመዝጊባ።



እቶም ተመልከቲ ወሰን ዘይብሉ ሓጎስ ተሰመዮም፤ ካብዚ ዕለት ጀሚሩ አብቲ ቤት ትምህርቲ ንደቂ ኣንስትዮ ፀወታ እግሪ ኩዕሶ ተፈቒዱ።

# Sagor för barn på svenska

berattelser.se

## ትርሓስ — ኾኾብ ተፃዋቲት እግሪ ኩዕሶ

Skriven av: Eden Daniels
Illustrerad av: Eden Daniels
Översatt av: ኣንገሶም ኣባዲ፣ ጎይትኦም ከበደ

Denna saga kommer från African Storybook (africanstorybook.org) och vidarebefordras av Sagor för barn på svenska (https://berattelser.se/), som erbjuder sagor på månge språk som talas i Sverige.

Detta verk är licensierat under en Creative Commons
Erkännande-IckeKommersiell 3.0 Internasjonal Lisens.